# ፫ይ ሰንበት ዘጽጌ

ጥቅምቲ 16 2028 ዓ.ም. (10/26/2025)።

## ናይ መንፈስ ነጻነት ካብ ማርያም ንመሃሮ

**መዝሙር፡** ወመኑ መሓሪ ዘከማከ...ከማኻ ዝበለ መሓሪ መንአሎ፥ ምስ ኖኅ ኪዳን ዘጽናዕካ፥ንደቂ እስራኤል መና ዘውረድካሎም፥ንምድሪ ብዕምባታት ዘገጽካ፥ ሰማይን ምድርን ዝፈጠርካ ፀሓይን ምድርን ዘሰናዶኻ፥ ኩሉ አባኻ ተስፋ ይገብር፥ ከማኻ መሓሪ መን አሎ።

**ንባባት፡** ገላ 5፡1-6 ራእ 14፡1-6፥ ግ.ሓ. 4፡19-31፥ ማር 10፡35-45።

**ምስባክ፡** ጻድቅሰ ከመ በቀልት ይፈሪ፥ ወይበዝኅ ከመ ዘግባ ዘሎባኖስ፥ትኩላን እምንቱ ውስተ ቤተ እግዚአብሔር።ጻቃን ከም ስየ ይልምልሙ፥ከም ጽሕዲ ሊባኖስ ይዓብዩ፥ አብ ቤተ እግዚአብሔር ዝተተኽሉ እዮም መዝ. 92፡12።

አብ ታሪክ ሕይወትናን ካልኦትን እንተ ረኤና አምላክ ዝገበረልና ርኢና ክንክእል ኢና። እሳራኤላውያን ክንስሑ አብ አምላኽ ክምለሱ ነቲ ነቦታቶም ዝገበሮ ዘኪሮም ይምለሱ ነሮም። ከማኻ ዝበለ መሓሪ መን አሎ ክብል እንከሎ ዕብየትን ምሕረት አምላኽ ክነስተንትን እሞ ተገሩለይ ተማሒረ ኢልና አብ ሕቕፌ አምላኽ ክንምለስ ሽዑ ጣዕሚ ደቂ ቤት ክነስተማቕር ንማለት እዩ። ንግንዖት አምላኽ ክንርኢ እንተ ዘይከአልና ፍቕሩ ክንርኢ ከጸግመና እዩ፥ ስለዚ አምላኽ ዝገበረልና ክንርኢ ሎሚ ምስ ማርያም ኮና አምላኽ ዝገበረለይ ዓበይቲ ነገራት እርኢ አሎኹ እናበልና ነመስግን።

፫ይ ሰንበት ዘመነ ጽጌ ክንዝክር ከሎና እምብአር ብፍሉይ ንሎሚ ክንስተንትኖ ዝድለ ዘሎ ካብ ማርያም እንምሃሮ ብዙሕ ነገራት እኳ እንተሎ ንሎሚ አብ ማርያም ዝነበረ ናይ መንፈስ ነጻነት እዩ። ንሳ ንአምላኽ ንዝበልካኒ ሕራይ ምስ በለት ምስኡ ስለ ዝተወሃሃደ ምሉእ ነጻነት ረኺባ። አብ ሕይወታ ንኹሉ ናይ እዚ ዓለም ስቓያት አውንዚፋ ልዕሊኡ ርእያ ስለ ዝኸአለት ንአኣ ካብ አምላኽ ዝፈሊ አይተረኽበን እዚ ኸአ እዩ እቲ ዝለዓለ ነጻነት ንሕና ደቂ ሰብ ክንረኽቦ ዘድልየና።

አብ ሕይወትና አብነት እትኾናና እምብአር ማርያም እያ። ሕይወት ማርያም ክነስተማቕር እንከሎና ብዙሕ እንምሃሮ አሎና። ንሳ ልዕሊ ኩሉ ዝገብራ ምስ አምላኽ ዘልአ ርክብ እዩ። አብአ ኃጢአት ዝብልዎ አይነበረን የለን ክህሉ እውን አይኮነን። ኃጢአት አብዘይብሉ አምላኽ አሎ። ሕይወት ማርያም ነቲ አምላኽ አብአ ዝገበሮን ነቲ ንሳ ንአምላኽ ክተመስግን ዘርአየቶ ምስጋናን እዩ ዝገልጽ። አምላኽ መልአኹ ልኢኹ አደ ወዱ ክትከውን ከም ዝደሊ ምስ ገለጸላ ወላ እኳ ክትርድኦ ቀሊል አይንበር ሕራይ ኢላ ተቐቢላቶ። ከም ማርያም ክንልአኾ ክንሰምዖ ምስኡ ጥቡቕ ሕይወት ክህልወና ድላዩ እዩ።

አምላኽ ካባይ ሎሚ አብዚ ዕድመ አብዚ ሃገር፥ አብ ስድራይ ሓዳረይ፥ አብ ቁምስናይ፥ አብ ዘለኽዎ ሕብረተ ሰብ እንታይ ክገብር ይደልየኒ፡

- **ሕረይ ክንብሎ ይደሊ።** ዝተፈላለየ ዕድመ ምስኡ ዘወሃህደና ይልእከልና። አብ ገለ እዋን ክንበጽሖን ክንርድኦን ብዘይንኽእል መገዲ ገሩ ይሓተና። አብ ቅዱስ መጽሓፍ ታሪኽ ዮናስ ነብይ እንተ ረኤና አምላኽ አብ ሰብ ንነዌ ከይዱ ክንስሑ ክንገሮም ክልእኮ ደልዩ

እንተኾነ ዮናስ ኣብ መጀመርያ ምቕባል ኣብዩ። ነቲ ኣምላኽ ዝበሎ ኣብዩ ኣብ ዝደለዮ ምስ ከደ ኣብ ባሕሪ ምስ ተደርበየን ኣብ ከርሲ ዓሣ ምስ ሓደርን ግን ሕራይ ኢሉ ከይዱ። ኪድ ሰብ ንነዌ ክንስሑ ተለኣከኒ ኢልዎ። ንኣና እውን ብተመሳሰሊ ተለኣኺኒ ዝብል ሕቶ ኩሉ ጊዜ የቕርበልና ጸጊሙ ዘሎ ድምጺ ኣምላኽ ሰሚዕካ ዘይምኽኣል እዩ። ኣብ ኢሳያስ 6፡8 ሽው እግዚኣብሔር ንመን ክልእኽ መንከ ክኸደልና እዩ' ክብል ከሎ ሰምዕኩ ኣነ እውን እነኹ ልኣኸኒ በልኩ ዝብል እግዚኣብሔር ልኡኻት ከምዝደሊ ነንብብ። ኣብ ኤርምያስ 1፡4-9 ኣብ ከርሲ ኣዴኻ ኸይሓነጽኩኻ ኃሬኹኻ ከይተወልድካ ኸአ ቐደስኩኻ፥ ነሕዛብ ነብይ ክትከውን ድማ መደብኩኻ . . . . ናብቶም ዝልእከካ ሕዝቢ ኺድ እቲ ዝእዝዘካ ኹሉ ድማ ተዛረቦም በሎ። እዝን ካልእን ኣምላኽ ኣብ ግራቱ መተዓይይቲ ዝልኣኹ ይደሊ። ከም ማርያም ሕራይ ክንብሎ ይደልየና።

- **ምስጢር መልእኽትና ክንፈልጥ ይደልየና፡** ማርያም ካብ ሕጂ ንድሓር ኩሎም ወለዶ ብጽእቲ ክብሉኒ እዮም ክትብል እንከላ እቲ ኣብኣ ሓዲሩ ዘሎ ወዲ ኣምላኽ ምንጪ ናይ ኩሉ ዘልአ ጸጋ ስለ ዝኾነ ነዚ ርእዮም ዝኽእሉ ከኽብርዋ እዮም። ብጽእቲ ክብልዋ እዮም። ዕብየት ጸጋ ኣምላኽ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ ወይስ ተዋሂቡና ዘሎ ክንፈልጥ እንተ ከኣልና እቲ ዝዓበየ ኣብ ጉዕዞ ድኅነት ከም እንጉዓዝ ሓይሊ ዝኾነና እዩ። ኩልና ኣብቲ ኣምላኽ ክንልኣኾ ዝደለዮ ገለ ኣብ ኪዳናዊ ሕይወት ክነብር፥ ገለ ብክህነታዊ ወይ ምንኩስናዊ ሕይወት ሒዝና ክነብር ጸዊዕና ኣሎ። ምስጢር ጸዋዕታና ንቅድስና ሕይወትና እዩ። ክንቅደስ ኢሉ በዚ ሕይወት መስክረኒ ኢሉ ሂቡና ኣሎ። እሞ ሎሚ ኣብቲ ዘሎናዮ ሕይወት ምስ ኣምላኽ ዘሎኒ ርክብ ክርኢ የድለየኒ ኣሎ።
- **ክንልኣኾ የደሊ፡** ኢየሱስ ኣብ መስቀል እንከሎ ነዲኡ እዚኣም ደቅኺ እዮም እናበለ ለበዋ ሂብዋ። ካብ ሕጂ ንድሓር ኣብ ሕይወቶም ዘድልዮም ካባኺ ክረኽብዎ ኣደ ኮንኪ ካብ ዝኾነ መንፈስ ዝኽትምና ነጻ ኮይኖም ክነብሩ ሓደራኺ ተለኣኽኒ ኢልዋ። ንሳ ከም ልማዳ ሕራይ ኢላቶ። ንደቃ ወደይ ዝብሎ ስምዑ እናበለት በብእዋኑ ትዛረበና። ልኡኻት ኣምላኽ ኮና ክንርከብ ኩሉ ጊዜ ዕጥቂ የድልየና። ኣብ መንጎ ውራይና ከይዓዘና እሞ መልእክቲ ኣምላኽ ከይንዝንግዕ። ሓወይ ሓፍተይ መልእኽትኻ/ኺ ተብጽሕ/ሒ ዘሎኹም እናበልና ክንዝክር እሞ ክንሕድሶ እዚ ኣጋጣሚ ንጠቐም።

ሕይወት ማርያም ኣብዚ ሰለስተ ነገራት ተመስሪቱ ይምራሕ ስለ ዝነበረ ምሉእ ነጻነት ነርዎ። ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ናይ ሎሚ መልእኽቱ ናብ ሰብ ገላትያ ዝጸሓፎ ከም ዝብሎ ብዝኾነ ነገር ተቐሪና ካብ ኣምላኽ ከይንወጽእ እሞ ኣብ ባርነት ከይንነብር። ኣብ ሕይወትና ኣብ ገለ ነገራት ጥራሕ ቀዳምነት ሂብና እንተ ነበርና ባርነት እዩ ሕይወትና። ኣብ ባህሊ፥ ዓለትነት፥ ሕማቕ ጠባይን ኣተሓሳስባን፥ ሕማቕ ልምድን ወልፍን. . . ኩሉ ባራዩ ይገብረና። ካብዚ ኹሉ ክንወጽእ ኣብነትና ማርያም እያ። ንሳ ንጓሂ ንስቓይ ንፈተና ንኹሉ ኣሸኒፉ ዝተዓወተት እያ። ንቃል ኣምላኽ ዝሰምዑ ዕዉታት እዮም ኢሉና ክርስቶስ (ሉቃስ 11፡27-28)። ዓወት፥ ነጻነት በቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክትጉዓዝ እንከሎኻ ጥራሕ እዩ። እሞ ከመይ ንጉዓዝ ኣሎና ከም ህዝቢ ከም ቁምስና ከም ካቶሊካውያን ጉዕዞና ብምንታይ ይልለ ኣሎ። ሰባት እዚኣምስ ናይ ክርስቶስ ኣርድእቲዶ ይብልና ወይስ ሕብርና ጠፊእዎም ኣየለልዩናን።

ታሪኽ ሰብ ቃልሲ ንነጻነት እዩ። ካብ መጀመርያ ፍጥረትና ነጻ ክንከውን ኢና እንደሊ ሰይጣን ክቆርነና ከማና ዝበለ ሰብ ክገዝኣና ኣይንደልን ኢና። ነጻ ምኻና ህያብ ኣምላኽ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ነዚ መሰል ክሕልዉ ኣማእት መይቶም። ምእንቲ ነጻነት ዝተኸፍለ ሕይወት

ብዙሕ እዩ። ሰብ እምብአር ሥጋውን መንፈሳውን ነጻነት ከምዝድልዮ አብ ሕቶ ዝቐርብ አይኮነን። ክልቲኡ ነጻነታት ዝለዓለ ዋጋ እዩ ዝኽፈሎ።

- *ሥጋዊ ነጻነት፥* አብዚ ዓለም ነዚ ክረኽቡ ዝሞቱ እሞ ነጻነት ዘምጽኡ ንሕና ከም ህዝቢ አብ ዓድና ርኢናዮ። ብዙሓት አሕዋትና መይቶም ነጻነት አልቦሶምና። ሥጋዊ ነጻነት እንተ ዘይሓሎኻዮ ሕጊ እንተ ዘይገበርካሉ ናይ ኩሉ መሰል ክንድሎ እንክሎ መልክዕ ባርነት ይለብስ እዩ ስለዚ ነቲ ብሞት ብዙሓት ዝመጸ ዘይናቱ መልክዕ ዘትሕዙ ከይጎብጥዎ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ሓላፍነት እዩ። ደቂ ሃገር ኩሎም አብ ሓለዋ ነጻነት ሃገሮም ማዕረ ዝኾነ ሕልናዊ ሓላፍነት አለዎም። አብ ስልጣንን ሓላፍነትን ጥራሕ ዘለዉ እዮም ዝሕተቱሉ ኢልና አእዳውና አጣሚርና ሱቕ እንተ በልና ነጻነትና ክግሃስ ይክአል እዩ ስለዚ ክንበራበር የድልየና።
- *መንፈሳዊ ነጻነት* እውን ናቱ ባህርን ግድነታትን አለዎ። ሰብ መንፈሱ ካብቲ አምላኽ ዝደልዮ አውጺኡ ክነብር እንክሎ እቲ ዝገደደ ባርነት ለቢሱ ይርከብ። ንሰብ እምብአር እቲ ዝኸበደ ግፍዒ መንፈሳዊ ነጻነቱ ክግፈፍ እንክሎ እቲ ዝኸፍኤን ዝዓበየ ግፍዕን እዩ። ክርስቶስ ነዚ ክመልሰልና ኢሉ አብ መስቀል ተሰዊኡ። ነጻነትና ዋጋ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ ክቡር እዩ፥ ነዚ ጸጋ ህያብ አምላኽ ብዝኾነ መገዲ ዝምንዝዓልና ሓይሊ ክይርከብ ብርቱዕ ሓለዋ የድልየና። አብ መንጎ ንነጻነት ዝግህሱ ሕልና ሰብ አብ ናይ ሰይጣን መገዲ ክጉዓዝ ዝገብሩ ከይርከቡና ብድፍረት ክንከላኸል ክንስዋዕ ግደን እዩ። መመህርና ክርስቶስ ንሓቂ ንጽድቂ ብድፍረት መስኪርዋ ኢሉና። ጎይታይ ጎይታይ ዝብል አይኮነን ዘድልየኒ ይብለና አፍአዊ ክርስትና ስለ ዝበዝሐ ዓለምና ትሳቐ ትዋረድ ንርኢ አሎና። እምነትና ፍቕርናን አብቲ አምላኽ ዝሃበና ነጻነትን ተመርኲሱ ክሕደስ ቅዱስ አቦና አዊጀምልና አለዉ። ዓመትና ካብ ዝኾነ መንፈሳዊ ባርነት ነጻ ወጺእና እሙናት ክርስትያን ኮና ፍረ ደም ክርስቶስ ዘምጽአልና ነጻነት ክንዕቅብ መብጽዓና ክንሕድስ እሚናት ንኹን።

ሰብ ሎሚ ባዕሉ ብዝመሃዞ ተገዚኡ ንባርነት ናተይ ኢሉ ኢዱ ሂቡ ዘሎ እዩ ዝመስል። ብፍላይ አብዚ ምዕቡል ዝብሃል ዓለም ዘሎና ክበጹ ብፍላይ ክርአየና ይክእል። ኢንተርነት፥ ተለፎን ተለቪዥን፥ ኩሉ ካልእ ናይ ዘመና ምህዞ ንጥቕምና እዩ ተማሂዙ እንተኾነ ሕማቕ ወልፊ አሕዲሩልና ግዙአቱ ኮና ባሮት ሰብ ዝሰርሖ ኮና ንርከብ አሎና። ሎሚ ተለፎን አብ ኢዱ ዘይሓዘ፥ እንተርነት ዘይጥቀም ኢመይል ዘይከፈት የለን ዳርጋ ወልፊ ኮይንና ብአጋጣሚ ተልፎን ረሲዑ ዝኸደ ዓቢ ነገር ዝጎደሎ ኮይኑ ይስምዖ ተለፎን ከም ቀንዲ ክፍሊ ሕይወቱ ገይሩ ዝወስድ ውሑድ አይኾነን፥ ቀልዑት እታ ዝበለጸት ህያብ ዝጽበይዋ ስድርኦም ተለፎን ክገዝኡሎም ምስ አዕርኹቶም ክራኸቡ ተክስት ክገብሩ፥ እዚ ኹሉ ጽቡቕ ምህዞ እዩ እንተኾነ ካባና ንላዕሊ ርኢና ክንካየድ ከሎና ግዙአቱ ኮና ብዘይብኡ ዓለም ትጽልምትና እዚ ናይ ዘመና ባርነት ምህዞ ደቂ ሰብ ሓዲግና አብ እቲ ሓቀኛ ርክብ ዝህበና አምላኽ ክንምለስ ቤተ ክርስትያን ዓመተ ኢዮቤል አዊጃትልና አላ። ካብ ባርነት ድንቁርናን ናይ ዘመና ግጉይ አጠቓቕማ ተክኖሎጂ ሓዲግና ዋናታት ምህዞና ጉዕዞና ክንከውን።

አብ ወንጌል ብውሽጥናን ብደገናን ሓደ መልክዕ ለቢስና ክንጉዓዝ ይደልየና። ፈሪሳውያን ንግዳማዊ ሕጊ አብ ምኽባር ባህሊ ስርዓት እናበሉ ዘይመገዱ አትሒዞሞ ንዝነበረ ክርስቶስ ብግሁድ ተቓዊምዎም። ብደገ ምልኩዕ ብውሽጢ ግን ዝመሽመሸ ሬሳ እዩ ኢናበለ ውሽጥና ሒዝዎ ዘሎ እዩ እቲ ቀንዲ እምበር ግዳማዊ ነገራት አይኮነን። ሰንበት ሰንበት አብ ቤተ ክርስትያን እንተ መጻእና ግን ምስጢራት ዘይንካፈል፥ አብ ቂምታን ቅርሕንትን እንነብር ሓመይቲ፥ ዓመጽቲ እንተኾና፥ ካብ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ርሒቕና እንነብር እንተኾና አብ

ቅድሚ ኣምላኽ ዓስቢ የብልና ስለዚ ክንምለስ መገድና ክንቅይር እሞ ንኣምላኽ ክንሰምዖ ቅድስና ለቢስና ክንሕደስ ንጽዋዕ ኣሎና።

ማርያም ሒዝና ክንጉዓዝ ከሎና ኣብኣ ተስፋ ድሕነት ስለ ዝርከብ ኣብ ማእከልና ነሕድራ። ቀዳመይቲ ማሕበር ክርስቶስ ድሕሪ ሞት ኢየሱስ ኣብቲ ብፍርሒ ተሸቝሪራትሉ ዝነበረ ኣብ ማእከላ ኮይና እተጸናንዓን ጼሎት እትመርሓን ዝነበረት ሓንቲ እትገብራ ዝነበረት ንሳ እያ። ማርያም ኣብ ማእከልና እንተላ ምሕረት ጎድገት ሰላም ኣብ መንጎና ኣሎ። ሎሚ ኣደ ኩንና ኢልና ኣብ ኣደና ንመለስ።

ኦማርያም ኣደና ካባኺ ክንምሃር ኣብነትኪ ተኸቲልና ኣብ ጊዜ ጽቡቕን ሕማቕን ንወድኽን ንኣኽን ከም እነሓጉስ ግበርና። ነቲ ወድኺ ዝበለና ክንሰምዕ ኣብ ኩሉ ንሰባት ኣብኡ ክምዝቐርቡ ክንገብር ሓግዝና ንበላ።

ዝተባረኸ ዘመን ጽጌ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሥ ፍሥሓ